# መግለፂ ሓዘን ካብ ካናዳ

ብምኽንያት ዕርፍቲ መንፈሳዊ ወላድና ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ጳውሎስን ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናውን ዝተሰምዐኒ ሓዘን ወሰን የብሉን።እንተ ብፁእ ኣባታችን ከም ስሞም ስራሕቲ ሃዋርያ ጳውሎስ እናፈፀሙ ዝነበሩ፣ ኩልሻዕ ፍቕርን ቡራኬን እናለገሱ ኣምላኾም እናገልገሉን ሓሊፎም። ንጎይታ ካብኦም ዝቐረበ ውላድ የብሉን'ሞ ባዕሉ ብሃይለ ጥበቡ ኣብ ጎኑ ከፍ የብሎም። ኣሜን!

መለስ ኣቦ ሓቂ ድማ ገበታ ንእስነቱ እንተይተረረፈ ንሓርነት ህዝብናን ንዕብየት ሃገርናን ዘወፈየ፣ በዚይ መዓልቲ ክትካእ ዘይበሃል ናይ እዚ ክፍለ ዘመን ፈላስፋን ኩርዓት ኣህጉርናን ነይሩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ ክንደይ ጀጋኑን ለባማትን ደቁ ስኢኑ እዩ'ሞ ከም ናይ ለምዘመን ዝበለ ሓዘን ግን ኣጓኒፉዎ ዝፈልጥ ኣይመስለንን።

ዋይ ኣነ ኢልካ ጉሂኻ ዘይመልስዎ ነገር ኮይኑና እምበር ተኣኪብናን ኣብ ገገዛና ተዓፂናን ብኸይ ውዒልና ሓዲርና። እዙይ ንመለስ ኣይጠቕሞን። ንመለስ ዝፈቱ ኣንፈቱ ተኸቲሉ እተን ዘቐመጠን ዕላማታት ናብ ቦተአን ዘብፀሐ እዩ። ንመለስን ንብፆቱን ንባዓል ሓየሎምን ዘኽብር ርጋፆም ተኸቲሉ ናብ'ት ዝዓለሙዎ ዝተጓዓዘ ጥራሕ እዩ።

ንሕና ካብ ወትሩ ንላዕሊ ሓድነትናን ሓልዬትናን እነርእየሉ እዋን ሕዚ እዩ። ኣፈላላይ እንተሃልዩና ንኣፈላላይና ኣኽቢርና ኣብ'ት ሓደ ዝገብረና መሰረታዊ መንነትና ግን ሰሚርናን እቲ ኩልና ዝባሃግናዮ ምዕባለ ዓድና ናብ ሽቱኡ ምብፃሕ ኣለና ይብል። ገለ ገለ ዘይጥቁባት ሰባት ነዛ ሕማቕ ሰዓት ተጠቒሞም እሰሳትና ንከናቑሩናን ኣብ መንጎና ንፋስ ንኽኣቱን ዘይገብርዎ ፃዕሪ የለን። ከም'ት ኣብ እዋን ሕማም መራሒና ዝገብርዎ ዝቐነዩ እንተስ ብFACEBOOK እንተስ ብEMAIL እናገበሩ ኽፈላልዩና ከምዝፅዕሩ ምስትብሃል የድሊ እዩ።

ንሕና እንተኾንና ደቂ ሰራሕቲ ቅያ ኣሕዋት ጀጋኑ ኢና'ሞ ነ'ዚ ተፈጥሮኣዊ ዝመስል ባህሪያትና ክልውጥ ዝፍትን እምበር ዝሰምረሉ ከምዘይህሉ ጥርጥር የብለይን። ሕድሪ ስውኣትና ኣይዓበረን ሕድሪ መራሕትና እውን ጋና ዓለም ክሳብ ዝድመመሉ ልዕሊ ዝሃገሩ ክውጣሕ ከምእንገብሮ ይኣምን።

ዕርፍቲ ብፁእ ኣቦናን ዕርፍቲ ተባዕ መራሒናን ሓዘን ኩልና ስለዝኾነ ፅንዓት ይሃበና ይብል።

መለስ ዝሓረሶ መለስ ዘለስለሶ
ኩልና ወፈርና ክንፅህዮ ክንምሕሶ
መለስ ዝዓቀቦ ዘሪእና ክበቁል
ህይወትና ክቕየር ድኽነት ከንቆልቁል
ሓሪንና ንተስእ ምዕሾ 'ት ጅግና
ሃገርና ክትድበስ ክትርስዕ ሓዘና
ንመለስ ዘኽብር ንመለስ ዝፈቱ
ሓዘን በቃኝ ኢሉ ፀሪጉ ንብዓቱ
ኣብ ምፍፃም ሕድሩ ኩሉ ኢዱ የእቱ
ባህሪያዊ እዩ'ሞ ንኽሓልፍ ጅግና
ኩልና ብሕብረት ባንዴርኡ ኣልዒልና
ኣጆኻ ንበሎ 'ት ሓፋሽ ህዝብና።

ሲሳይ ሕሸ
ካብ ቶሮንቶ ካናዳ